# ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ንዝፍጸም ጾታዊ ገበናት ዝምልከት ሕግታት

ቆልዑ ኻብ ሓደጋ ጾታዊ ዓመጽ ብዝያዳ ምእንቲ ኽዕቌቡ እቲ ሕጊ ብዝያዳ ተሪሩ ኣሎ።

ካብ 5 ሓምለ 2021 ዝጅምር ሕግታት ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡-

- ኲሎም እኹላት ሰባት፡ ቅቡል ምኽንያት ክሳዕ ዘይብሎም፡ [ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ንእተፈጸም ጾታዊ በደል ንፖሊስ ክሕብሩ ኣለዎም]()
- ኣባላት ትካል (ንኣብነት፡ ቤት ትምህርቲ፡ ቤተ ክርስትያን፡ ወይ ክበብ ስፖርት) ዝዀኑ እኹላት ሰባት፡ ቆልዑ ኣብ ልዕሊኦም በደል ምእንቲ ኸይፍጸም [ንቖልዑ ኻብ ሓደጋ ጾታዊ ገበን ከዕቍብዎም ኣለዎም]() ።

ኣብዚ ሕግታት እዚ፡ *ቆልዓ* ክብሃል ከሎ፡ ዕድሚኡ ትሕቲ 16 ንዝዀነ ሰብ ወይ ድማ ናይ ኣእምሮ ጸገም ንዘለዎ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዝዀነ ሰብ የመልክት።

ገበናዊ ሕጊ ሂብዎ ብዘሎ መግለጺ መሰረት፡ *ናይ ኣእምሮ ጸገም* ክብሃል ከሎ፡ ብሰንኪ ኣብ ናይ ምሕሳብን ናይ ምምዝዛንን ክእለት ዘለዎ ጸገም፡ ብሰንኪ ናይ ኣእምሮ ሕማም፡ ወይ ብሰንኪ ኣብ ሓንጎል ዝወረደ ጒድኣት (ወይ ብሰንኪ ድምር ናይዚ ኹሉ ነገራት) ስንክልና ዘለዎ ማለት እዩ፣ እቲ ሰብ እዚ ዝስዕብ ነገራት ዘማልእ እውን እዩ፡-

- ኣብ ናይ ምዝርራብ፡ ማሕበራዊ ርክባት፡ ወይ ናይ ምምሃር ክእለት ብዙሕ ጒድለት ዘለዎ
- ሓገዝ ዘድልዮ።

## ኣብ ቆልዓ ዝፍጸም ጾታዊ ገበን

*ጾታዊ ገበን ቆልዓ* ኣብ ልዕሊ ሓደ ቖልዓ ዝፍጸም ምስ ጾታዊ ነገራት ዝተሓሓዝ ገበን ኰይኑ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡-

- ጽዩፍ ኣተሓሕዛ ቖልዓ
- ምስ ቆልዓ ዝፍጸም ዝዀነ ዓይነት ጾታዊ ርክብ
- ምዕማጽ ወይ ምግሳስ
- ምስ ኣብ ኣባላት ስድራቤት ዝግበር ጾታዊ ርክብ
- ንቖልዓ (ወይ ንወለዱ ወይ ንኣላይኡ) ንጾታዊ ዕላማ ኢልካ ምምልማል
- ቆልዓ ኽምዝመዝ ከሎ ዘርኢ ነገር ምድላው
- ምስ ቆልዓ ጾታዊ ዝምድና ምምስራት

*ጽዩፍ ኣተሓሕዛ ቖልዓ* ንእተፈላለየ ጾታዊ ተግባራት ይሸፍን። ገለ ኣብነታት ነዚ ዝስዕብ ከጠቓልል ይኽእል፡-

- ንቖልዓ ብጾታዊ መገዲ ምድርራዝ
- ቆልዓ ንጾታዊ ኽፍሊ ሰብነት ከም ዝትንክፍ ምግባር
- ናይ ቆልዓ ጾታዊ ስእሊ ምውሳድ

*ንቖልዓ (ወይ ንወለዱ ወይ ንኣላይኡ) ንጾታዊ ዕላማ ኢልካ ምምልማል፥* ነቲ ገሊኦም በደልቲ ንሓደ ቖልዓ ክቐርብዎን ንጾታዊ ዓመጽ ኣጋጣሚ ኽፈጥሩን ኢሎም ምስ ቆልዓ፡ ወለዲ፡ ኣለይቲ ፡ መምህራን፡ ከምኡ እውን ካልኦት ቆልዑ ርክብን እምነትን ዝምስርቱሉ መገዲ የመልክት። እዚ ንኸተለልዮ ቐሊል ኣይኰነን፣ ምኽንያቱ፡ እቲ ጠባይ ንባዕሉ ናይ ዓመጽ ወይ ጾታዊ ነገራት ዘይኪኸውን ይኽእል እዩ። ምምልማል ብዙሕ ግዜ ብኢንተርነት ከጋጥም ይኽእል እዩ።

## እዚ ሕግታት ዘድለየ ስለምንታይ እዩ

ቆልዑ እቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ እኹላት ሰባት ስጉምቲ ብምውሳድ ካብ ጾታዊ ዓመጽ ከዕቍብዎም የድልይዎም እዮም። እዚ ሓድሽ በደላት ነቲ ንዓመጽ ቆልዑ ዕሽሽ ዝብል ወይ ዝሓብእ ባህርያት ዕላማ ዝገበረ እዩ።

### ዘይምሕባር

[ንጉሳዊ ብዓል መዚ ንትካላዊ መልሰ-ግብሪ ንጾታዊ ዓመጽ ቆልዑ (Royal Commission into Institutional Responses to Child Sexual Abuse)]() ጾታዊ ዓመጽ ቆልዑ ንዝምልከቶም ሰብ ስልጣን ዘይምሕባር፡ እቲ ዓመጽ ከም ዝቕጽል ከም ዝገበረን እቶም ቆልዑ ዘድልዮም ደገፍ ንኸይረኽቡ ዕንቅፋት ከም ዝዀነን ኰይኑ ረኺብዎ እዩ።

ኣገልግሎት ፖሊስ ኲንዝላንድ ከምኡ እውን ክፍሊ ቖልዑን ፍትሒ መንእሰያትን ባህላዊ ጒዳያትን (ኣገልግሎታት ድሕንነት ቆልዑ) ኣብ ልዕሊ ቆልዑ በደል ከም እተፈጸመ እንተ ተሓቢሮም ስጉምቲ ይወስዱ እዮም። ሕብረተሰብ ንቖልዑ ድሕንነት ዝሓለወ ከም ዝኸውን ንምግባርን ቆልዑ ኰኑ መንእሰያት ካብ ጒድኣት ከም ዝስተሩ ንምግባርን ቈሪጾም ተላዒሎም እዮም።

እዞም ኣገልግሎታት ነዚ ኣገዳሲ ዕዮ ምእንቲ ኽፍጽሙ፡ እኹላት ሰባት ኣብ ልዕሊ ቖልዑ ብዛዕባ ዝፍጸም በደል ክሕብሩ የድልዮም እዩ።

ኣብቲ ሮያል ኮምሽን ዝገበሮ ሓያሎ መጽናዕትታት፡ ብዛዕባ ንፖሊስ ዘይተሓበረሉ በደላት ወይ ንቖልዑ ንምዕቋብ ስጉምቲ ዘይተወስደሉ ኹነታት ሰሚዑ እዩ። ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ጾታዊ ዓመጽ ተፈጺሙ ወይ ይፍጸም ኣሎ ኢልካ ኽም እትኣምን ምሕባር፡ ፖሊስ መርመራ ንኽገብሩን ንጾታዊ በደላት ቆልዓ ስጉምቲ ኽወስዱሉን ይሕግዞም እዩ።

ብመሰረት እዚ ሓድሽ ሕግታት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ኹሎም እኹላት ሰባት፡ ከምኡ ንኸይገብሩ ቅቡል ምኽንያት ክሳዕ ዘይብሎም፡

ኣብ ልዕሊ ቖልዓ ብዛዕባ ዝፍጸም ጾታዊ በደል ንፖሊስ ክሕብሩ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም።

ብዛዕባ በደል ዘይምሕባር ዝያዳ ፍለጥ።

## ዕቑባ ዘይምሃብ

እዚ ሓድሽ ሕግታት፡ ገሊኦም እኹላት ሰባት ንቖልዑ ኻብ ጾታዊ በደል ንኸዕቍብዎም ሕጋዊ ግዴታ የንብረሎም እዩ። ኣብ ትካላት ኣብ ሓላፍነታዊ ቦታ ዘለዉ እኹላት ሰባት ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ዘለዉ ቆልዑ ካብቲ ንጾታዊ ዓመጽ ከቃልዖም ዝኽእል ፍሉጥ ዝኾነ ዓበይቲ ሓደጋታት ከዕቍብዎም ግዴታ ኣለዎም።

ምስ ሓንቲ ትካል ዝሓብር ሓደ እኹል ሰብ ኣብ ልዕሊ ሓደ ቖልዓ ጾታዊ ዓመጽ ክፍጽም ዓብዪ ተኽእሎ ኸም ዘሎ እንተ ፈሊጥካ፡ ንፖሊስ ንኽትሕብር ክሳዕ ጾታዊ በደል ዝፍጸም ክትጽበ እኹል ኣይኮነን። እዚ ዕቑባ ንምሃብ ዘሎካ ግዴታ፡ ኣብ ልዕሊ ቖልዑ ጾታዊ ዓመጽ ንኸይፍጸም ኣብ **ምዕጋት** ዘተኮረ እዩ።

ብድሕሪ እዚ ሕጊ ዘሎ ዕላማ፡ ኣብ ትካላት ዘለዉ ውልቀሰባት ንቖልዑ ሓደገኛ ዝኾነ ፍሉጥ ኵነታት ንኽንክዩ ወይ እውን ንኽኣልዩ ስጉምቲ ኸም ዝወስዱ ንምርግጋጽ እዩ። ኲነ ኢልካ ነዚ ዘይምሕላው ወይ ዕሽሽ ምባል ብመሰረት እዚ ሕጊ እዚ ገበናዊ መቕጻዕቲ የስዕብ።

ብዛዕባ ካብ በደል ዕቑባ ዘይምሃብ ዝያዳ ፍለጥ።

# መሰል (ሓለፋ)

ምስ ሃይማኖታዊ ኑዛዜ ዝተሓሓዝ ናይ ምግላጽ መሰናድዎ እኳ እንተሎ፡ እዞም (ሕግትታ) ገበን፡ ንሞያዊ ሕጋዊ መሰላትን (ሓለፋታትን) ምስ  ጾታዊ መጥቃዕቲ ዝተሓሓዝ ምኽሪ ናይ ምሃብ ዕዮን ወሲኽካ መሰላት (ሓለፋታት) ንምጉሳይ ዝተሃቀኑ ኣይኮኑን።

# ዝያዳ ሓበሬታ

እዚ ሓደስቲ ሕግታት እዚ ነቲ ብሮያል ኮምሽን እተዋህበ ምሕጽንታታት ኣብ ግብሪ ዘውዓለ እዩ፣ ብዘይካዚ ክፋል እቲ ድሕንነት ቆልዑ ንምምሕያሽን ካብ ጾታዊ ዓመጽ ንምዕቋቦምን ዝግበር ዘሎ ዓብዪ ለውጢ እዩ።

ኣብ *ገበናዊ ሕጊ (ለውጢ ኣብ ጾታዊ ገበናት ቆልዑ) ከምኡ እውን ካልእ ምትዕርራይ ምሕጋግ ሕጊ 2020* ርአ።

ንግዳያት ዝኸውን ሓገዝ፡ ሓበሬታ፡ ከምኡ እውን ምኽሪ ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ፡-

- ሓገዝ ግዳያት ኲንዝላንድ (Victim Assist Queensland)
- ንቖልዑ ዝኸውን ሓገዝ on 1800 55 1800
- ኣገልግሎት ጥዕና ስድራቤት ኣቦርጅንን ቶረስ ስትረይት ኣይላንደርን
- ሕጋዊ ሓገዝ ኲንዝላንድን ካልእ ኣገልግሎታት ሕግን

ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ ነገራት ዝያዳ ሓበሬታ ርኸብ፡-

- ንቖልዑ ምዕቋብን ግዳያት ጾታዊ ዓመጽ ንዝኾኑ ቖልዑ ምድጋፍን
- ካብ ፖሊስ ኲንዝላንድ ዝርከብ ዕቑባ ቖልዑ
- ንኣገልግሎት ድሕንነት ቆልዑ መዓስ ከም እትሕብር።